ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية للوحدة الإريترية

DEMOCRATIC FRONT FOR ERITREAN UNITY

# ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ)

መኽፈቲ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ፡

ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ብውድባዊ ሰሚናር ኣቢሉ፡ ዘብርሆን ዘጻፈፎን መደባት ኣቃኒዑ። ን2ይ ውድባዊ ጉባኤ ቅድመ-ተደላይነታቱ ኣዋዲዱ፡ ኣብ ዝተመደበሉ ግዜን ቦታን ሎሚ መዓልቲ 20 መስከረም 2017 ሰዓት 2 ድ.ቀ. ብናይ ዝኽሪ ስዉኣት መዝሙር ብጉጅለ ባህሊ ተሰንዩ ብክብ ዝበለ ድምቀትን ዓጀባን ተኸፊቱ።

ቀጺሉ ኣቦ-መንበር ኣሰናዳዊት ሽማግለ ተጋዳላይ ጀማል ሳልሕ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ኣቕሪቡ። ስዒቡ ድማ ኣቦ-መንበር ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚት ሽማግለን ደግሓኤ ተጋዳላይ ተወልደ ገብረስላሴ ቃል ውድብ ኣስሚዑ።

ብደቂ-ኣንስትዮና ዝተዳለወ ናይ ሕብስትን ዕንባባን መኽፈልቲ ብኣቦ-መንበር ተቐሪሱ ንኩሎም ዕዱማት ኣጋይሽን ኣባላት ጉባኤን ብእልልታን ጨብጨባን እናተሰነየ ተዓዲሉ።

ካብኡ ቀጺሉ ክሳዕ 15 ዝኾና ዝተፈላለያ ውድባትን ሰልፍታትን ማሕበራትን ናይ ሰናይ ድገፉን መልእኽቲ ኣመሓላሊፈን። ኩሎም እቶም ዝቐረቡ መልእኽትታት ንሓድነትን ሓቢርካ ናብ ቀዳማይ ጸላኢ ጉጅለ ህግደፍ ምቕናዕን ዘተኮሩ ኢዮም ነይሮም። ካዚኣተን 10 ዝኾና ውድባት ብኣካል ክርከባ እንከለዋ፡ እተን ዝተረፋ ከኣ ብኣካል ዘይተረኽባ እየን።

ኣብ መንጎ እቲ መደብ ክፍሊ ባህሊ ስኒት ዘዳለወቶ እዋናዊን መሳጢን ናይ መዛናግዒ ድርፊን ሙዚቃን ቀሪቡ። ኣብ መወዳእታ ኩሎም ዕዱማት ኣጋይሽን ኣባላት ጉባኤን ናብቲ ዝተዳለወ ናይ ሓባር ናይ ድራር ግብጃ ብምኻድ ናይ ቀዳማይ መዓልቲ ጉባኤ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ተዛዚሙ።

ውድቀት ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!

ዓወት ንካልኣይ ውድባዊ ጉባኤና!
ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንጀጋኑ ስዉኣትና!

ብክፍሊ ዜናን ሓበሬታን ካብ ቦታ ሰሚናር
ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ/ደግሓኤ/

20 መስከረም 2017

# ስእላዊ መግለጺ

*ኣብ መኸፈቲ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ*
















المؤتمر التنظيمي الثاني
كافة طاقات شعبنا المناضل
نظام الهقدف
و شعبنا !!

# ናይ ደገፍ መግለጺ

## ካብ ተወከልቲ መሓዙት ውድባት ብኣካል ተረኺቦም ቃል ዝሃቡ

*1. ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ፡ ብጳይ ማህደረ ተወልደ*




*2. ግንባር ሃገራዊ ድሕድር፡ ብጳይ ኣሰፋው ኣስመሮም*




*3. ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ሕድር፡ ብጳይ መሓመድ ሳልሕ*




*4. ሰደግኤ፡ ብጳይ ቢንያም ኣፈወርቂ*



*5. ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡ ብጻይ ጃብር መሓመድ*




*6. ኣልናህዳ፡ ብጻይ ዑስማን ዓብደልሓምድ*



*7. ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ ብጻይ ዓብደላ ደሞ*



*8. ስምረት ምንቅስቓስ ንድሕነት ሃገር ኢርትራ፡ ብጻይ ዩኤል ሓድሽ*



## 11 መሓዙት ውድባት ናይ ደገፍ መግለጺ መልእኽቶም ዝሰደዱ ከኣ፡

1. ተሓኤ መልእኽትን ብጻይ ሑሴን ከሊፋ ከኣ ብተሌፎን ናይ እንቋዕ ሓጎሰኩም መልእኽቲ ኣስሚዑ 2. እስላማዊ ጉባኤ ኤርትራ 3. እስላማዊ ፍትሕን ልምዓትን ኤርትራ 4. ግንባር ሃገራዊ ሞቐምያታት ኤርትራ 5. ፈደራልያዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ 6. ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ 7. ህዝባዊ ጉባኤ ኤርትራ 8. ብሄራዊ ብሌን ኤርትራ 9. ኤርትራዊ ስምረት ንደሞክራስያዊ ለውጢ 10. ደመሓኩኤ 11. EPDP ኢዮም።

# ተሳተፍቲ 2ይ ውድባዊ ጉባኤ

*ኣብ ዓሚቍ ምክትታልን ምርድዳእን እንከለዉ !*









النضال من اجل تأسيس وحدة أزلية
قوامها وحدة الرأي والعمل!


ኣብ ኣረኣእያን ተግባርን ዝተሰረተ ዘላቒ
ሓድነት ንምርግጋጽ ንቃለስ!

# ጉጅለ ባህሊ

*ብመድረኻዊን ፖለቲካዊን መልእኽቲ ሓዘል ኣሰንያቶ*







ውድባዊ
ጉባኤ
المؤتمر التنظيمي الثاني


ውድባዊ
ጉባኤ
التنظيمي الثاني